#ገይሻ_ደኣ_ከይትኸውን_ኢና_ዝበልና_እምበር_ንሕማምን_መርድእን_መዓስ_ሂብናኪ

#ተኽኣ_ጸጋይ_ሓጺር_ዛንታ

ንዅሎም መቕርባን ፈተውታን ኣዝዩ መሪርን ንኽትኣምኖ ዘጸግም ድቦላ እዩ ኮይንና ሕማምን ሞትን ናይ ፍትውቲ ሓፍትና ተኽኣ ጸጋይ። እዚ ሃንደበታዊ ሕማም ንጉዕዞ ሓቦኛ ሃገራዊት ተኽኣ ጸጋ ክኾልፍ'ዩ ኢሉ ዝተጸበየ ማንም ሰብ ኣይነበረን። ተኽኣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዳ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮምቦኒ ዳኒኤልን ሳንታ ፋሚልያን ድሕሪ ምዝዛም ኣብ 70ታት ናብ ስደት ሃገረ ጣልያን ኣምሪሓ። ኣብ ዓዲ ጣልያን በቲ ሓደ ትምህርታ እንዳሰላሰለት ኣብ ዝተረፈ ጊዜኣ ድማ ኣባል ኤርትራውያን ንናጽነት ኤውሮጳ (ኤናኤ) ኮይና ሃገራውን ህዝባውን ጉቡኣ ኣሰላሲላ። ኣብ ማፋርቕ 80ታት ኣቢሉ ድማ ካብ ዓዲ ጥልያን ናብ ሕ.ሃ. ኣሜሪካ ስደት ኣምሪሓ። ኣብ ኣሜሪካ ምስ ኣተወት ሓፋሽ ውድባት ኣባል ማሕበር ሽቃሎ ኤርትራውያን ኮይና ንሰውራ ኩለንተንኣ ኣወፊያ።

ሓፍትና ተኽኣ ጸጋይ ኤርትራ ናጻ ምስ ወጽኤት እውን ደኺሙኒ ወይ ይኣኽለኒ ከይበለት ኣካል ኮሚሽን ቅዋም ኤርትራ ኮይና ዕዙዝ ተራኣ ተጻዊታ። ብዝነበራ ብቕዓትን ተቐባልነትን ድማ ካብቶም ኣብ ንሰሜን ኣሜሪካ ዝውክሉ ኣባላት ጊዜያዊ ባይቶ ሃገረ ኤርትራ ኮይና ተመርጸት። ሾናት ኢትዮ ኤርትራ ኣብ ዝተላዕለሉ እዋን ተኽኣ ኤርትራውያን መንእሰያት ብጸላኢ ከይሰዓሩን ከይብለጹን ሃገር ስውኣት ከይትውረርን ኣብ ዝግበር ዝነበረ መኸተ ህዝቢ ቤይ ኤርያ ፈጺሙ ዘይርስዖ መሪሕ ተራ ተጻዊታ። ብመሪሕነት ተኽኣ ጸጋይ ኤርትራውያን ነበርቲ ቤይ ኤርያ ኣብቲ እዋን ዝለዓለ ገንዘብ ንምክልኻል ሃገር ከምዘዋጽኡ ናይ ትማሊ ትዝታ እዩ።

እቲ ናይ መኸተ እዋን ሓሊፉ ናይ ለውጢ ሕቶ ካብ ውሽጢ ዓዲ ምስ ተላዕለ ሓፍትና ተኽኣ ጸጋይ ካብ 2001 ዓ.ም ጀሚራ ምስ ስርዓት ህግደፍ ተባቲኻ ኣብ መሳርዓት ፍትሒ ደው ኢላ ሰላማውን ደማክራስያውን ለውጢ ከተምጽእ ቃልሳ ጀመረት። ንዝሓለፉ 17 ዓመታት ኣብ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራስን ክውን ንክኸውን ፍትሓውን ርትዓውን ቃልሲ ኣካይዳ። ተኽኣ ጸጋይ ብዝነብራ ሞያዊ ብቕዓትን ተሞክሮን ንተቓለስትን ላዕለዎት መንግስታውያን ሰብ ጽፍሒ ኣሜሪካ ማለት ኮንግረሳት፡ ኣሰምብሊን ከንቲባታት ከተማን ኣብ ምርኻብ ወሳኒ ተራ ተጻዊታ። ንስለ ፍትሕን ሰላምን ኣብ ከባብያውን ዓለማውን ኣኼባታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ተሳቲፉ። ኣብ ቤይ ኤርያ እቲ ታሪኻዊ ማሕበር መንእሰያት EYC/EYSC ካብ ዝምስረት ኣትሒዛ ኣብ ጎድንና ኮይና ሓያል ተምክሮኣ ኣካፊላትና፤ ጊዜኣን ጉልበታን ገንዘባን ከይበቖቖት

ብተወፋይነት እጃማ ኣበርኪታ ኣብ 2014 ዓ.ም ስጋብ ናብ ቦሎኛ ኢጣልያ ከይዳ ኮንፈረንስ ተሳቲፋ።

ሓፍትና ተኽአ ጸጋይ ንኹሉ ኤርትራዊ ስደተኛ ብዘይ ኣፋላላይ ቁጠባውን ሕክምናውን ሓገዛት ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ክረክብ ብመንገዲ ትሰርሓሉ መንግስታዊ ትካል ማሕበራዊ ግልጋሎት ብቓላት ዘርዚርካ ዘይውዳእ ሰናይ ስራሕ ዓሚማ። ተኽአ ንዓመታት ዝሓገዘቶም ዓበይትን ሓደስቲ ኣጋይሽ መንእሰያትን ብቑጽሪ ኣዝዮም ቡዙሓት እዮም። ብፍላይ ኣዝዮም ሹጉራት መንእሰያት ክትርእይ እንከላ ናብ ቤት መግቢ ወሲዳ ድሕሪ ምግባዝ ምኽርን ሞራልን ሂባ ተፋንዎም።

ተኽአ ካብ መፋርቕ 2015 ዓ.ም ጀሚራ ዳርጋ ዝበዝሕ ጊዜኣ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ተሰዲዶም ዘለው ህጻውንቲ ኣብ ምሕጋዝ እያ ኣወፍያቶ። ናብ ዓዲ ግራት፡ ሽረ እንዳስላሴ፡ ኣኽሱም፡ መዓስከር ሕጻጽ፡ ዓድዋ፡ መቐለን ድሕሪ ምብጻሕ ምስ ዘይምንግስታዊ ሰብኣዊ ትካል ኣመሪካ Innovations Humanitarian Solutions (HIS) ብምትሕብባር ሓገዝ ንምድላይን ምእካብን ዝሕግዝ ሰነዳት ህጻውንቲ ስደተኛታት ኣዳልያ። እታ ካብ ህጻንነታ ኩለንተንኣ ንህዝባን ሃገራን ዘወፈየት ተኽአ ነዞም ኣብ ኢትዮጵያ ገዲፋቶም ዝመጸት ህጻውንቲ ስደተኛትት ኤርትራውያን ክትምለሶም መደብ ኣውጺኣ ኣብ ትሸባሸበሉ ዝነበረ እዋን እዩ እምበኣር ናይ ፈጣሪ ጻውዒት ዝቐደማ። ተኽአ ጸጋይ ኣብ ሪችመንድ ካሊፎርንያ ኣብ ዝርከብ ካይዘር ሆስፒታል ክትእለ ድሕሪ ምጽናሕ እያ ዓሪፋ። ስነ ስርዓት ቀብራ ድማ ጽባሕ ዓርቢ ኣብ Mountain View Cemetery 5000 Piedmont Ave. Oakland Ca 94611 ክፍጸም እዩ።

ደሓን ኩኒ ተቓላሲት ሓፍትና ተኽአ ጸጋይ ፈጣሪ ኣብ ሕቕፎኡ ይቀበልኪ።

ጽንዓት ንኹሎም ቤተሰብ መቕርባን ፈተውታን።